# ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ዃጨ ሰሜን ጀርመን

## 2ይ ክፋል ብዕለት 20.12.2014 ከተማ ሃምቡርግ ተቓኒዑ

"ምሕያል ህዝባዊ ግንባር መድረኻዊ ተልእኮ " ብዝብል ቴማ ብዕለት 20.12.2014 ኣብ ከተማ ሃቡርግ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን ምስ ጉጅለታት ናይ ተፈላላያ ከተማታት ላዕላይ ሰሜን ጀርመን ኣብ ዝተቓንዐ ዓመታዊ ኣኼባ ፡ መደብ ኣቦ ወንበር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ ከተማ ሃምቡርግ ኣቶ ክፍሎም ጸሃየ ፡ ነቲ ኣኼባ ብዝኽሪ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት፣ነቲ ውድባዊ ዕማም ምስታፍ ዝመጹ ኣኼበኛታት እንቛዕ ካብ ርሑቕን ቀረባን ብደሓን መጻእኩም ብምባል ወግዓዊ መደብ ጀመረ።

ሰዓቡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ: ህልዊ ኩነታት ሃገርናን: መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ስራሓትን ንጥፈታትን ኣብሪሁ፣ ብተወሳኺ ኤርትራ ምስዚ ኹሉ ተጻባእቲ ዘካይድዎ ዕንቕፋት ኣብ ጽቡቕ መንገዲ ሒዛ ትጓዓዝ ከምዘላ ገሊጹ።ኣሰዒቡ ምቅርራባት ምቕያር ሓድሽ ወረቐት መንነት ተዛዚሙ ንህዝቢ ኣገልግሎት ዝወሃበሉ ግዚኡ ይቃረብ ከምዘሎን ፡ ኣብ ቆንስላዊ ኣገልግሎት'ውን ንተገልጋሎ ብዝሓሸ ኣገባብን ክግልገሉ ዝኽእሉ ኣገበብ ተገሩ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣቶ ዮውሃንስ ፤ ኣባላት ከም መሪሕ ኮይኖም ኣብ ኩሉ ዘካይድዎ ንጥፈታት ብምምጓስ መግለጺኡ ዛዘመ።

ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ወኪል ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ብወገኑ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራብ፣ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን ዘካይድዎ ዘለዉ ዘይተቆጠበ ጻዕርን ተወፋይነትን ኣበርክቶን ኣብ ሃገርን ግንባርን ሞጉሱ፣ ብተወሳኺ ኣባላት ንኹሉ ዘጋጥሞም ብድሆታት ከም ወትሩ ብዕቱብ: ሓድነቶም: ብምውህሃድን ምሕያልን:ኣብ ኩሉ ብቀዳምነት ተሰሪዖም ብኣብነት ክሰርሑ:ክነጥፉ ኣዘኻኺሩ።

በዚ ኣጋጣሚ ካብ ሓለፍቲ ዋዕላ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ኢሮጳ ፡ ኣደ መንበር መንእሰይ ሰምሃርን ገ/ኣብ ተኸስተን ዋና ጸሓፊ መንእሰይ ዓወት ካሕሳይን ፡ ኣብቲ ኣኼባ ተርኺቦም ኔሮም።

መንእሰይ ዓወት ካሕሳይን ኣብ ምምስራትን ዕላማን ኣቃውማን መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኣገባር ኣሰራርሓ፡ ዘለዋ ናይ ስራሕ ኮሚቴታትን መደባትን ኣቶኪሮም ነዚ ኣብ ሃገረ ጀርመን ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ዝተበገሰ ምጥርናፍ "ሓያል:ንቑሕ:ሃገራዊ:ምንቅስቃስ መንእሰያት "ብውሑድን ቅርጡውን ናይ ነዊሕ ዕላማ ተካኢ ወለዶ ህላዌ ሃገር ንምርግጋጽ "መንእሰያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን"ነቲ ትልሚ ድሕሪ ዝተፈላለየ ተጻብኦን ሕልኽላኻትን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሑ ጥምሑን ዕላምኡን ተረጋጊጹ ኣብ ዕዉት ዝኾነ ጥርነፈ መንእሰያት ምርግጋጹ ኣረዲኣም ከም ዘሎዉ ክብሉ ንተሳተፍቲ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረቡ። :

መንእሰይ ሰምሃርን ብወገና ንመበል 11 ግዜ ኣብ 2015 ዝጋብእ ዘሎ ዋዕላ ኣብ ጀርመን ኣመልኪታ ናይዚ ሃገራዊ ዋዕላ መንእሰያት ዕላምኡ ቀጻልነትን ምውርራስን ከም ዝኾነን ከምኡ ውን ናይ ሓባር ዘተ፣ ምርክሾፕ፣ ስእላዊ ምርኢት፣ ፖሎቲካዊ ትምህርቲን ምዝንጋዕን መደባት ዝሓዘለ ኮይኑ መንእሰያት ኣብ ምውዳብን ፍቕርን ስኒትን ኣብ መንእሰያትና ከም ዝሓድር ምግባርን ተልእኾ ዘሎዎ 'ዩ በለት። ነዚ ብቐጻሊ ልዑል ውዳበን ተሳታፍነት መንእሰያት ዘርኢ ዘሎ ምንቅስቓስ: ብዝያዳ ዕዉት ንኽኸውን ናይ ኩሉ ሃገራዊ ዜጋ ብፍላይ ድማ ሓላፍነት ሃገራውያን ውዳቤታት ምዃኑ ን ኣበርክቶኦም ክሕይሉን ተላበወት።

ኣኸበኛታት ውድባዊ ዓቕምታት ዘደንፍዕ ሃነጽቲ ኣገደስትን ርእዮታት ብድሕሪ ምቕራብን ኣብ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ገመጋማት ንጥፈታቶም ኣሰፊሖም ክፉት ዘተ ብድሕሪ ምካያድ ናይ መጻኢ ዓመት ናይ ስራሕ መደባት ሰሪዖም። ኣብ መወዳእታ መንእሰያት ዘካይድዎ ዘለዉ: ስራሓት:ብግብሪ ተካእቲ ወረስቲ ሕድሪ ምዃኖም ብግብሪ የረጋግጹ ስለዘለዉ ሓበኖምን ሞጎሶምን ብድሕሪ ምግላጽ ኣብ ዕላማ ብምጽናዕ ብንሒን ሃገራዊ መንፈስን፡ ብውህደት ክሰርሑ ምዃኖም ቃል ብምእታው ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨ ሰሜን ጀርመን ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ብዓወት ተዛዚመ።

ዘለኣለማዊ ዝክሪ ንሰምእታትና

ዓወት ንሓፋሽ !

ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ን/ጨንፈር ሰሜን ጀርመን (2ይ ክፋል) ዕለት 21.12.2014